መልእኽቲ  ሽማግለ ሓይሊ ዕማም ጀነቫ፡ 30/09/2018

ናብ መላእ ደለይቲ ፍትሕን ሕግን፡ ብሃገሮምን ህዝቦምን ዝግደሱ ኤርትራዉያን፡ ነበርቲ ኤዉሮጳ፣ ኤሜሪካ፣ ካናዳ፣ አፍሪቃ፣ ኤሽያ፣ ማእከላይ ምብራቕን ብሓበራ፣

ብርግጽ አብዚ እዋን እዚ ንኤርትራ ሃገርና ወሪድዋ ዘሎ ጸበባን ጭቆናን፣ ካብ 1891 ኤርትራ ተብሂላ ካብ ትጽዋዕ፡ ብገዛእቲ ባዕዳዉያን እዉን በጺሕጅዋ ዘይፈልጥ በደላት፣ ጸገማት፣ ጭቆናን፣ ግፍዕን፣ ስደትን፣ ሕብረተሰብአዊ ምብትታንን ብዉድብ ህግደፍ በጺሕዋን ይበጽሓን አሎ።

ከም ዉሉዳት ኤርትራ መጠን መፍትሒ ሽግራትና ክንረክብ ሃገራዊ ግዴታ ዘገድደና እዩ ኢልና ንአምን። ስለ ዝኾነ እንታይ ንግበር !! እንታይ ከ እዩ ዝከአለና!! እንታይ እንተገበርና ኸ ንህዝቢ ዝሓይሽን ዘርብሕን ክንገብር ንኽእል ክንብል !! ንነብሲ ወከፍ ኤርትራዊ  ዝምልከት ኮይኑ፡ ነንነብሱ ክሓትትን መልሲ ክረክብ ክጅምርን ዝግባእ ይመስለና። ንምግባሩ ከአ ሃገራዊ ስኒትን ስምረትን ከም ቀንዲ ዕላማ ህዝቢ ኤርትራ ገርና ክንወስዶን፣  ሮቛሒ ንዓወት ናይ ፍትሒ ቃልስን አወንታዉን ለዉጢ  ምኻኑ ዘጠራጥር ዩብሉን።

ናይ ዲያስፖራ አካል ህዝቢ ኤርትራ ኢና እሞ፡ መጠርነፊ ዝኾነና አገባብ ጥበብ ንምርካብ ንበላሓት፡ አአብ ዘለናዮ ሃገራት ተአኪብና ክንዝቲ፡ አአብ ንነብሮ ሃገራት ወከልትና ክንመርጽ ፡ ደለይቲ ፍትሒ ዝኾና ብመጀመርያ ብጉዳይ ሃገርናን ሽግራታን ብምዝታይ መፍትሒ ንምርካብ ዉህደትና ከነረጋግጽ ንሕተት አሎና። ነብሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ከአ ጉቡኡን፣ እጃም ግደኡን ንክጸወትን ብሓላፍነት ንኽጥምቶን ናይ ለበዋ መልእኽትና ነምሓላልፍ አሎና። ተራኺብና ብምዝታይን ብምቅላስን ጥራሕ ኢና ሓደ ፍታሕ ንኤርትራ  ከነጽአላ እንኽእል።

<u>መብርሂ</u> ፡ ከም ዝዝከር ቅድሚ ዕለት 31/08/2018 ሰላማዊ ሰልፊ ጀነቫ ንምክያድ አብ ዝተገብረ ጸዉዒት፣ ጽባሕ ናይቲ ሰላማዊ ሰልፊ ዘተ ክካዩድ ምኻኑ ዝተዋህበ ሓበረታን፡ 7 ወከልቲ ካብ ነብሲ ወከፍ ሃገር ስደት ተመሪጾም ንኽመጹ፣ ንዕለት 01/09/2018 ከአ ንዘተ ዋዕላ ክሳተፉ ዝብል መልእኽቲ ተመሓላሊፉ። ይኹን እንበር እቲ ዝተባህለን ዝተመደበን መደባትን ክማላእ አይተኻእለን። ምኽንያቱ [ሀ] መብዛሕትኤን ሃገራት  ወከልተን ከይመረጻ ናብ ሰላማዊ ሰልፊ ስለ ዝመጻ፡  [ለ] ናይ አትዓዳድማን፣ አካያይዳን፣ ሃጓፋት ብምርካቡን ምኽንያት፡ ዝተሓሰበ ናይ ወከልቲ ሃገራት ዘተ ከምቲ ዝተደልዩ ኮይኑ ሙሉእ ኮይኑ ክትግበር አይከአለን።

ይኹን እንበር እቲ አኼባ በተን ዝተረኽባ ሃገራት ህዝባዊ ዘተ ተኻይዱ፡ ነቲ ዝተመደበ መደባት እሞ ከይተማልኤ ዝተረፈ ንምምላእ፡  7 ዝአባላታ ሓንቲ ሽማግለ ሓይሊ ዕማም ብደሞክራስያዊ አገባብ መሪጹ፣ ዕማማታ አነጺሩ ሂብዋ፣ ናይ ዕድሚአ መዋእል ከአ 6 ወርሒ ክኸዉን በድላይ ኩነታት ዘደንጊ ምስ ዝርከብ ከአ 2 ወርሒ ክትዉስኽ ብዘፍቅድ፡ ሓላፍነት ብናይ ሓባር ስምምዕ ዉሳኔ አኼባ ክድምድም ክኢሉ።

<u>ዕማም ሽማግለ ሓይሊ ዕማም ጀነቫ፣ </u>

<u>\\</u>1  ነቲ ካብ ነብሲ ወከፍ ሃገር 7 ሰባት ወከልቲ ሃገራት ዝኾኑ ተመሪጾም፡ ናብ ናይ ዘተ ዋዕላ ንዕለት 01/09/2018 ን ክርከቡ ዝብል ጉዳይ፡ እሞ ክማላእ ከአ ዘይከአለ፡  ዝተመርጸት ሓዳስ ሽማግለ ሓይሊ ዕማም ጀነቫ ንኸተማልአ፣ ንኹለን ሃገራት ከአ ወከልተን መሪጸን ንክዳልዋ ጎስጓስ ክካዩድን፡ መልእኽቲ  ናብ መላእ ደላይ ፍትሒ ህዝቢ ንኽተመሓላልፍን።____\2/  ነቶም ካብ ኩለን ሃገራት ዝተመርጹ ወከልቲ ሃገራት፡ ናይ ሓባርን ብዓለም ደረጃን ናይ ዘተ ዋዕላ ንኽካይዱ ክከአል ምእንቲ 7 ሰባት ካብ ነብሲ ወከፍ ሃገር ተወኪሎም ዝተመርጹ ሰባት፣ ተጠርኒፎም ዝዝትይሉ ቦታ ተዳሉ፡ ናይ ዘተ ዕለት ተነጽር፡ ንኹሎም ወከልቶም ዘዳለዉ ከአ ትሕብር።

\3/  እዚካብ ዕለት 01/10/2018 ስጋብ 30/12/2018 ነብሲ ወከፍ ሃገር ወከልቶም ባዕሎም መሪጾም ከዳልዉ  እሞ ዕዉት ዘተ ኮይኑ ንክንወጽእ ክሕግዝ።      \4/  እዛ ሽማግለ ሓይሊ ዕማም ጀነቫ ከአ ንኹሉ ዝተዋህባ ተልእኾ፡ ካብ ዕለት 01/09/2018 ስጋብ 01/03/2018 ዕማማታ አሰላሲላ ክትፍጽም ።  ሓደ ጥርኑፍ ሓይሊ ወካል ስደተኛ ህዝቢ አብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ብሃገር ደረጃ ንክምስረት፡ ክከአል፡

5/  ንዉድባት፡ ቃልሰን ንረብሓን ክብርን ኤርትራን ስጥመትን፡ ዘዉሕስ ንክኸዉን ዘኽእልን ንክኸዉን።  ብመስረት መጽናዕቲ  ክኢላታት፣ ናይ ህዝቢ ቴለቭዥን ብሳተላይት ናብ ኤርትራ እተመሓላልፍ ክትግበር ጎስጓስ ንክካዩድ ።

ሽማግለ ሓይሊ ዕማም ጀነቫ (E-mail hayliemam@outlook.com) ስልኪ ከነስዕብ ኢና ንግዝዩኡ ከአ እንሆ 33769467278

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ፣ ክብርን ዝኽርን ንስዉአትና።